# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 32 ዓመት ቁ.101 | ሰሉስ 27 ታሕሳስ 2022 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዋሕዲ ቫይታሚን ‘ሲ’ን ኣፈዋውሳኡን

ገጽ 3
ሊዮናርዶ ዳቪንቺ


ገጽ 4
ንግዚና ንመስልዶ?


ገጽ 5
ድሕሪ 1890፡ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዝተራእየ ምቕያር

ገጽ 7
ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን...



## ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ ዓመታዊ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ማእከላይ ባይቶ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብ22ን 23ን ታሕሳስ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዓመታዊ ንጥፈታቱ ገምጊሙ።

ኣቦ'ቲ ርክብ፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ማሕበር ኣብ ሽድሽቲአን ዞባታት፡ ዞባ ሳዋን ላዕላዋይ ትካላት ትምህርትን ዞባ ወጻኢ፡ ኣብ ምኽኣኣስ ተኻእቲ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ምሕያል ንቕሓትን ውዳቤታትን ከምኡ'ውን ቁጠባዊ ዓቕሚ ደቂ-ኣንስትዮ ንምጉልባት ዝተኻየደ መደባት ዝምልከት ጸብጻባት ኣቕሪበን።

ሓለፍቲ ክፍልታት ማሕበር እውን ማሕበራ-ቁጠባዊ ዕቤት ኣባላት ንምርግጋጽ ዝተወደበ ስልጠናታት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕን ናብራአን ንምምሕያሽ ዘዮዳኣ ጻዕሪን ዘመዝገባኦ ለውጢን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ዘካይዳኦ ኺሳዕ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት ኣባላት ንምብራኽ ዝተሰላሰለ ዕዮ ኣብ ዝምልከት መብርሂ ሂበን።





ብዝዮኣ'ዚ፡ ሓላለፎም ዝርገጥሙ ተርእዮታት መርዑትሕተ ዕድመን ክሸጦን ሕጋዊ መፍትሒ ንምርካብ ከምእተዓጸ፡ ኣብ ጉዳይ ደቂ-ኣንስትዮ ንዝተላዕሉ ሕቶታትን ሕጊ-ጠቀስ ጥርዓናትን ምላሽ ከምእተዋህበን ካልእን ተጠቒሱ።

ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ፡ ኣብ መደባት 2023 ድሕሪ ምዝታይ፡ ኣብ ቀዳምነታት ተረዳዲኡ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መደባት ህንጸት ሃገርን ልምዓታዊ መደባትን ዘካይዳኦ ዘለዋ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ዓቕሚታተን ኣወሃሂደን መድረኽ ዝሓትቶ ከማልኣ ኣዘኻኺራ።

## መጠን ዝልገስ ደም ኣገዳሲ ዕብየት ኣርእዩ



ሃገራዊ ባንክ ደም፡ ብዙትካእ ደም ዘይትትካእ ህይወት ንምድሓን - ምስ ናይ ሰራሕ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ብዙኻዶ ጻዕሪ፡ መጠን ዝልገስ ደም ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ዓመታት ብልዕሊ 200 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ተሓቢሩ።

ኣብ 2016 ብልግሲ ዝተረኽበ መጠን ደም - 6,681 ከረጺት ዝነበረ፡ ኣብ 2022 ናብ 13,609 ከረጺት ክብ ከምዝበለ፡ ሜዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ባንክ ደም ዶ/ር የውሃንስ ተኽስተ ገሊጹ።

ኣብ 2022፡ ብሰንኪ ሓደጋን ኣብ ግዜ ሕርሲን ዝርጋጥም መድመይቲ፡ ከምኡ'ውን ብኻልእ ሕማማት ደም ዝድልዮምን ንኣገልግሎት መብጣሕትን ካብ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ባንክ 38 ሚእታዊት ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ 9 ሚእታዊት ንሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊብት፡ 6 ሚእታዊት ንመወከሲ ሆስፒታል ከረን፡ ዝተረፈ ኑተን ካልኦት ሆስፒታላት ከም እተመቓርሐ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ኣብ 2022 ኣብ ዝተለገሰ ደም ብዝተኻየደ መርመራታት፡ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. 0.1 ሚእታዊት፡ ወይቦ-B 0.5 ሚእታዊት፡ ወይቦ-C 0.3 ሚእታዊት፡ ፍንጣጣ ድማ 0.3 ሚእታዊት ከምዝነበረ እውን ሓቢሩ።

ሃገራዊ ባንክ ደም፡ ምስ'ቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ብቐጻሊ ዘዕጥቖ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብን፡ ናብ ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ዓንሰባን ደቡብን ክዝርጋሕ ከምዝኸኣለ ዶ/ር የውሃንስ ገሊጹ።

## ኣብ ጀርመን፡ ተራ መንእሰያት ኣብ ሃገራዊ መደባት ተዘትዩሉ

ኣብ ጀርመን፡ ኣባላት ውዳቤ መንእሰያት ኣብ ዞባ ኖርድራይን ቬስትፋለን፡ ብ11 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ኣብ ሃገራዊ መደባትን ተራኦም ኣብ ጥመር መኺተን ዘትዮም።

እቶም ኣብ ከተማታት ከለን፡ ዱዝልዶርፍን ሹፐርታልን ከበባአንን ዝነብሩ መንእሰያት፡ ኣብ ዕላማታት ውዳቤ መንእሰያት ህግደፍን ኣገዳስነት ምሕያሉን ከምኡ'ውን ኣብ መድረኻዊ ተልእኾኡ ሓሳብ ተለዋዊጦም።



ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ ዝተረኽበ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ፡ ሕቶ መንእሰያት - ሕቶ ሕብረተሰብ፡ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ድማ ታሪኽ መንእሰያት ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ዓቕሚ-ሰብና እቲ ቀንዲ ሃብትና ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ንቕሓቶም ብምብራኽን ውዳቤታቶም ብምድልዳልን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላቢዩ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብሮኣብ ተኽስተ ድማ፡ ብዝዕባ ኣምራት ሃገርን ሃገራውነትን፡ መሰርሕ ምዕባለ ኤርትራን ኤርትራውነትን፡ ግደ ስዉኣትን ሃገራውነት ኣብ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲን ብደሆታቱን፡ ከምኡ'ውን ተመኩሮ 30 ዓመታት ናጽነት ብመንጽር ምህናጽ ሃገር ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብቲ ኢጋጥሚ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ውድባዊ መትከላት፡ ናይ ሰራሕ መርሓ ሕንጻጻትን ቈንስላዊ ኣገልግሎትን ሓበሬታ ተዋሂቡ።

## ማእከል ጥዕና ሸዕብ፡ ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ ንምብራኽ ትሰርሕ

ማእከል ጥዕና ሸዕብ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ እትህቦ ስሩዕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሕማም ዓሶ ንምብራኽ ጎስጓሳት ተካይድ ኣላ።

ዝጠዘሐ ክፋል ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ዓሳው ብምዃኑ፡ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ኣብ ብርክት ዝበለ ከባቢታት ከምዝጋጥም ዝሓበረ ሓላፊ'ታ ማእከል - ነርስ ዜናዊ ጉብረድንግል፡ ነቲ ሕማም ንምክልኻል፡ ዓመት መጸኣ መድሃኒት ከምዝነጽግን ጎስጓሳት ከምዝካየድን ኣረዲኡ።

ጽሬት ከባቢ፡ ኣብ ምንካይ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ወሳኒ ብምዃኑ፡ ቀጻሊ ናይ ጽሬት ማእቶት ከምዝውደብ፡ ንፍሲ-ወከፍ ኣብ ትካላት ጥዕና እትመላለስ ነፍሰ-ጾር ድማ፡ ናሙስያ ከምዝዕደል - ዝሓበረ ነርስ ዜናዊ፡ ኩሉ ዜጋ ብሓፈሻ ኣዴታትን ህጻናትን ከኣ ብፍላይ፡ ናሙስያ ክጥቀሙ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ኣቶ ኣቡበከር ኢብራሂም፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ተራን ኣበርክቶኦም ህዝቢን ኣመሓደርቲ ከባቢን ክዓዝዝ ኣተሓሳሲቡ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ'ን ኣፈዋውሳኡን

ብዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ዝመጽእ ኣብ ደም ዝዝሕድ ዓይነት ሕማም፡ ሩጥባ (Scurvy) ይበሃል።

ቫይታሚን 'ሲ' ወይ 'ስኮርቢች ኣሲድ' (ascorbic acid) ኣገዳሲ መኣዛዊ መግቢ እዩ። ኣብ ማዕርሕን ኣሰራርሓን ዝተፈላለዩ ኣካላት ወዲ-ሰብ ልዑል ተራ እዩ ዝጻወት። ገለ ካብኡ'ቶም ንምጥቃሱ፦

'ኮላጀን' (collagen) ዝተባህለ ፕሮቲን የቖውም። እዚ ፕሮቲንዚ ቲሹታት ኣካላት ብዝግባእ ክራኸቡን ክመዓራረዩን ይሕግዝ።

ኣብ ኣካላትና ዝሃሉ ዘደሊ ኮሌስትሮልን ዝተኸዘ ፕሮቲንን ንኩላቅቅ ወይ ሚታቦላይዝ ንምግባር ይሕግዝ።

ሓጺን (iron) ተመጻዩ ከም ዝዘርፍ ይገብር።

ኣካላትና ንክይምረዝ ይከላኸል።

ዝተጐድአ ኣካላት ብቐልሉ ከም ዝሓዊ ይገብር።

ካብ ሓንጎል ብመንገዲ መትንታት ንዝፍኖ ተዘዚታዊ መልእኽቲ፡ ናብ መላእ ሰብነትና ኣብ ምትሕልላፍ ይሳተፍ።

### ምልክታት ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' እንታይ እዮም?

ከምቲ ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ኣካላትና ልዑል ተራ ዘህልዎ፡ ሕጽረት ናይዚ መኣዛ እዚ ድማ፡ ኣብ ኣካላትና ሓያሎ ጥዕናዊ ጸገማት እዩ ዝፈጥር። ምልክታቱ ድማ ብቐልሉ እዩ ዝዝሕድ።

እቲ ምልክት፡ ሕጽረት ቫይታሚን 'ሲ' ካብ ዘጋጥም ኣርባዕተ ሰሙናት እንተቐጸለ እዩ ክርኣ ዝጅምር። እቲ ምልክት ይምዕበልን ኣብ ኣካላት ከቢድ ጉድኣት ይፈጥርን ከም ዘሎ ንምልላይ ግን፡ ሰለስተ ወይ ልዕሊኡ ኣዋርሕ ከም ዘድሊ ሓኪይም ይገልጹ።

### ቀዳሞት ዝርኣዩ ምልክታት ሕማም ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ'፦

* ድኻም፡
* ክትገልጾ ዘይክኣል ምስልቻው፡
* ምጉዳል ሸውሃት፡
* ብቐልሉ ምሕራቕን ምንዳርን፡
* ቃንዛን ሰሓን መሓውር፡



* ረስኒ፡
* ምቕርራፍ ቈርበትን ምርጋፍ ጸጉሪ ርእስን. . . ይጥቀሱ።

ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ንደሓር ኣብ ዘሎ ግዜ ዝርኣዩ ምልክልታት፦

* 'ኣኒሚያ' (anemia) - ደም፡ ስሒው ቀያሕቲ ዋህዮታትን ሄሞግሎቢንን ክህልዎ ይጅምር፡
* ነድሪ ግርጻን (gingivitis) - ግርጻን ክረቅቕን ደም ከም ዝሰረበ ዘመልክት ክቐይሕን ይጅምር። ኣብዚ እቲ ግርጻን ብቐልሉ ክደምን ክቈስልን ይርአ፡
* መድመይቲ ቈርበት (skin hemorrhages) - ቀጺሊ ትሕተ-ቈርበታዊ መድመይቲ የጋጥም፡
* ምምሻማሽ ኣስናን (tooth decay)፡
* ምስባርን ምጥንናግን ጸጉሪ ርእሲ፡
* ብቐልሉ ዝሀሰ መላግቦ ኣዕጽምቲ፡
* ሕጽረት እስትንፋስ፡
* ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡
* ምስሓው ፈሳሲ ዓይኒን ሰሓን፡
* ቁስሊ ብቐልሉ ዘይምሕዋዩ ከምኡ'ውን ምጉዳል ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካላት፡
* ተኣፋፍነት ንብርሃን፡
* ብንጹር ዘይምርኣይ (blurred vision)፡
* ተደጋጋሚ ቃንዛ ርእሲ. . . ይጥቀሱ።

ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ብእዋኑ ኣለሊኻ ክትፍወሶ ምስ ዘይክኣል፡ ንህይወት ዝፈታተን ዝበኣሰ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕብ ይኽእል እዩ። እቲ ሕማም ምስ ዘይፍወስ ከኣ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ክፈጥሮ ዝኽእል ዝተሓላለኸ ምልክታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

-ከቢድ ሕማም ወይቦ - ምብጫው ቈርበት ሰብነትን ዓይንን፡

-ከቢድ ቃንዛ ኣካላትን ብቐልሉ ምድካም ሰብነትን፡

-'ሄሞላይሰስ' (hemolysis) - ዓይነት ኣኒሚያ ኮይኑ፡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብቐጽሪ ኣዝዮም ከውሕዱን ንጥፈታቶም ክጉድልን እንከሎ የመልክት፡

**-ብቐልሉ ምስባርን ምምሕቃቕን ኣስናን፡**

-ክቱር ረስኒ፡

-ከቢድ ቃንዛ ጸዕና ኢድን እግርን፡

-ምንፍርፋር (convulsions)፡

-ፍሽለት ኣካላት (organ failure)፡

-ምህትፍታፍ (delirium)፡

-ዕውሉት (coma)፡

-ኣብ መወዳእታ ሞት (death)።

### ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ህጻናት

ሩጥባ ዝሓመሙ ህጻናት፡ ሓራቓትን ጭኑቓትን እዮም፡ ብቐልሉ እውን ኣይሃድኡን። ኣካሎም ድማ ይለምስ። ወይ'ውን ገለ ካብ መሓውርም ካብ ግቡእ ቅርጹ ክወጽእ ይርአ - ይሰንክል። ብተወሳኺ፡ እዞም ህጻናት - ዝሕተል ምዕባለ/ዕብየት እዮም ዝርኣዩ። ብቐልሉ ተሰባሪ ዝኾነ ኣዕጽምቲ ይህልዎም፡ ብቐልሉ ድማ ኣካሎም ይደምዩ።

### ንሕማም ሩጥባ - ማለት ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ህጻናት፡

* ብግቡእ ዝተመጣጠነ መግቢ ካብ ዘይትወስድ ኣደ ዝውለዱ፡
* ብግቡእ ተኣልዮም ዘይዓበዩ፡
* መግቢ ናይ ዘይምሕቃቕ፡ እቲ ዝሓቐቐ ድማ ብግቡእ ናይ ዘይምምጻይ ዓቕሚ እዩ ዘለዎም፡
* ናይ ኣመጋግባ ጉድለት ዘለዎም እዮም።

### ብዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ናይ ምጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎታት

ኣካላትና ቫይታሚን 'ሲ' ኣይሰርሕን እዩ። እዚ ማለት፡ ኩሉ ኣካላትና ዘድልዮ ዓቐን ቫይታሚን 'ሲ' ካብቲ እንምገቦን እንሰትዮን ኢና እንረኽቦ።

መብዛሕትኦም ብሕማም ሩጥባ ዝጥቀዑ ሰባት፡ እኹል ቀረብ ሓደሽ ፍሩታን ኣሕምልትን ዘይረኽቡ ወይ'ውን ጥዑና ዘለዎ ኣመጋግባ ዘይዘውትሩ እዮም። ልምዳዊ ኩነታት ኣነባብራኦም እንወስዶ ዓይነት መድሃኒትን ብሕማም ሩጥባ ክንጥቃዕ ንዘለና ተኽእሎታት የዛይዱ እዩ።

ህጻናትን ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሽማግለታትን፡

መዓልታዊ ኣልኮላዊ መስተ ዝወስዱ ሰባት፡

ሓሽሽን ዘይሕጋዊ መድሃኒትን ዘዘውትሩ ሰባት፡

ብበሕትውና ዝተዋሕጡ ሰባት፡

ዝተወሰነ ዓይነት ኣመጋግባ ዘዘውትሩ ሰባት፡

ስደተኛታትን ግዱም ሓደርን፡

እኹል ቀረብ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣብ ዘይርከቦ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት፡

ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ግዱያት፡ ኣካለ-ስንኩላን፡

መግቢ ናይ ምሕቃቕን ሚታቦላይዝ ናይ ምግባርን ጸገም ዘለዎም ሰባት፡

ቀጻሊ ወጻኢት ዝሕዞም ሰባት፡

ድርቐት ዘለዎም ሰባት፡

ኣተኽኽቲ ሽጋራ፡

ሕማም ኩሊት ዘለዎም ሰባት. . . ወዘተ ብሩጥባ ክጥቀዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

### ዋሕዲ ቫይታሚን 'ሲ' ብኸመይ ንፍወሶ

ሕማም ሩጥባ ንኽትፍወሶ ብዙሕ ኣጸጋሚ ከም ዘይኮነ እዮም ሓኪይም ዝዘረቡ። እዚ ግን፡ እቲ ሕማም ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ምስ ዝሀሉ እዩ። ቫይታሚን 'ሲ' ካብ ሓያሎ ኣሕምልትን ፍረታትን ክንረኽቦ ንኽእል መኣዛ እዩ። ስለዚ፡ ቀሊል ዝኾነ ሕማም ሩጥባ ምስ እትሓምም፡ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ሓሙሽተ ሳዕ ኣሕምልትን ፍረታትን ዘለዎ መግቢ ክትወስድ ይምከር።

እቲ ሕማም ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ደይቡ ከቢድ ምስ ዝኸውን ግን፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ኣድላዪ ዝኾነ ክንክን ክትገብር ከም ዘለካ ኣይትዘንግዕ።

### ምምሕያሽ

ብሕማም ሩጥባ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ሕክምናዊ ፍወሳ ክግበረሉ እንከሎ ቀልጢፉ እዩ ምምሕያሽ ዘምጽእ።

= ቃንዛ፡
= ድኻም፡
= ምድንጋር፡
= ቃንዛ ርእሲ። ኩሎም እዚኣቶም ምልክታት ፍወሳ ኣብ ዝጀመርካሉ ውሑዳት መዓልታት ክመሓየሹ ይረኣዩ።

### መዓልታዊ ክንወስዶ ዝግበኦና ቫይታሚን 'ሲ'

=> ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኦ ጾታ)፡ ክሳብ 40 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 7 ክሳብ 12 ኣዋርሕ ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 50 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 1 ክሳብ 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 15 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 4 ክሳብ 8 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 25 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 9 ክሳብ 13 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት (ክልቲኡ ጾታ)፡ ክሳብ 45 ሚሊ. ግራም፡

=> ካብ 14 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም - ደቂ-ተባዕትዮ 75 ሚሊ. ግራም፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ 65 ሚሊ. ግራም የድልዮም። እታ ኣብ 18 ዓመት ዕድመ እትርከብ ጓል-ኣንስተይቲ ነፍሰ-ጾር ምስ እትኸውን 80 ሚሊ. ግራም፡ ተጥቡ እንተላ ድማ፡ 115 ሚሊ. ግራም ቫይታሚን 'ሲ' የድልያ።

=> ካብ 19 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም፡ ደቂ-ተባዕትዮ 90 ሚሊ. ግራም፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ 70 ሚሊ. ግራም የድልዮም። እታ ጓል-ኣንስተይቲ ነፍሰጾር ምስ እትኸውን 85 ሚሊ. ግራም፡ ተጥቡ እንተኾይና ድማ፡ 120 ሚሊ. ግራም ቫይታሚን 'ሲ' የድልያ።

ሽጋራ ዘትክኹ ሰባት ካብቶም ዘየትክኹ፡ ብ35 ሚሊ. ግራም ዝዛይድ ቫይታሚን 'ሲ' መዓልታዊ ክወስዱ ከም ዘለዎም ይምከር።

### ምንጪ ቫይታሚን 'ሲ' ዝኾኑ መግብታት

'ሲትሩስ' (Citrus) - ተባዚሎም ዝጸውዑ ከም ኣራንሺን ለሚንን ዝኣመሰሉ ፍረታት፡ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' እዩ ዘለዎም። እዞም ፍረታት እዚኦም፡ ብልምዳዊ ኣገባብ ሕማም ሩጥባ ንምክልኻል ህዝቢ ካብ ሓያሎ ዓመታት ኣትሒዙ ክጥቀመሎም ጸኒሑ እዩ። ካልኦት ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ዘለዎም መግብታት፦

**ዘይቱንን ፓፓዮን፡**

**ከም ቆስጣ፡ ሳጣን ሰፒናቸን ዝኣመሰሉ ቀጻሊት ኣሕምልቲ፡**

ካውሎ፡

ስትረወብሪ፡

ፒናፕልን ማንጎን፡

ኮሚደረ (ብፍላይ ጸምቡ)፡

ድንሽ. . . ምጥቃስ ይከኣል።

ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ማይ ናይ ምሕቃቕ ባህሪ ኣለዎ። ብዝበዝሐ ምብሳል፡ ምዕሻግን ነዊሕ መዓልታት ምዕቃብን ነቲ ቫይታሚናዊ ትሕዝቶኡ የጥፍኦ እዩ። ስለዚ፡ ቫታሚን 'ሲ' ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት፡ ብግቡእ ኣጽሪኻን ኣምኪኻን ብጥረኦም ወይ ብዙሕ ሓዊ ከየህረምና ክንወስዶም ይግባእ።



ምንጪ፦ health line

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ　ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳምራዊት ሃብተ　ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሻባብ

ሃማመተኤ

ልቦና

## ንግዜና ንመስልዶ?

“መንእሰያት ናይዚ ዘመን ዘብለናስ እንታይ ኮን ይኸውን፧” ኢሉ ወትሩ ንኽሓስብ ዘገድደኒ ነገራት እምብዛ ብዙሕ'ኳ እንተ ኾነ፡ ገለ ካብኡ ግዳ ነዚ ግዜና ንክኸውን እተመደበ መበል 21 ክፍለ ዘመን ጓኖቱ ዘምስለናስ ኣይሰኣንኩን። እዚ ዘመን ኩላትና ከም እንፈልጦ ዘመነ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ እናተባህለ ዝጽዋዕ ዘመን፡ ብዝቐረበልና ውጽኢት ክንዲ ዕምሪ ናይ ወድ ሰብ ኣብዚ ኩሉ መዋእላት ዝሓለፎም መሰርሓት ዝኾኑ ማእለያ ዘይብሎም ምዕባለታት ኣለዉ። ንኹሉ'ኳ እንተ ዘይበልኩ ኣብ ኢድና ኣትዮም ዝርከቡ ፍርያት ናይ'ዚ ዓለማዊ ምዕባለ ድማ ሳላ ሰባት ናይዚ እዋን ምዃንና ዝረኸብናዮ ዕድል'ዩ። እሞ ነዚ ኣብ ዕድሜና ዝተረኽበ ጸጋ'ዚ ብኸመይ ንጥቀመሉ ኣለና ምሕሳብ ድማ ኣዝዩ ዘገድስና ክኸውን ግድን'ዩ።

ኣብዚ መዋእል'ዚ ንኽንፍጠር ናትና ምርጫ ዘይምዃኑ ከም ርዱእ ወሲድና፤ ምኽንያቱ ብድሌቱ ዝተወልደ ክሳብ ዘይሃለወና፡ ኣብዚ ናይ ዕድሜና እዋን ካብቶም ቅድሜና ዝነበሩ ወለዶ ዝተረከብናዮ'ን ንሕና ብወገንና ድማ ነቶም ናይ ድሕሬና መጻእቲ ገድፎን እንታይ ንምለኣሉ ወይ ነጉድለሉ ኣለና፧ ወይስ ዕድመናን ግዜናን ንስለ ምሕላፉ ኢና ነዕርቦን ነውግሖን፧ መሊስና ድማ ብዘይ ገለ ለውጢ ነዕርቦ፧

“መንእሰይ ወለዶ፡ ሓይሊ ናይ ሓንቲ ሃገር'ዩ፡” ክብሃልን ክደጋገምን እንሰምዖ ዘረባ ኣሎ። ብልክዕ ድማ ውጹእ ሓቂ'ዩ። እዚ ‘መንእሰይ’ ዝብሃል ዘሎ ድማ ናይ ነፍስ-ወከፍና ድምር ማለት ምዃኑ ዝስሕቶ ዘሎ ኣይመስለንን። ስለዚ በብውልቅና ናይ እንገብሮም ንጥፈታት ተደማሚሮም ናይዚ ወለዶ ንጥፈት ይኾኑ። እዚ ንጥፈታት እዚ ድማ መግለጺና ካብ ኮነ፡ ኣብ እንገብሮም ስራሓትን እንውጥኖም መደባትን (ካብታ ናይ ውልቅና ጀሚርካ) ንወለዶና፡ ናይዚ 21 ክፍለ ዘመን ወለዶ፡ ብውጽኢቱ ብጽቡቕ ይኹን ብሕማቕ ከጸውዑና ምዃኖም ይስወጠናዶ፧

ኣብ ምምሕያሽ ውልቃዊ ቁጠባዊ ኣካይዳና እንገብሮምን እንወስዶምን ስጉምትታትን ውሳነታትን ተዓዊትና ማለት ኣብ ናይቲ ሕብረተሰብ ማሕበረ ቁጠባዊ ኣነባብራ ለውጢ ከነምጽእ በቒዕና ማለት ምዃኑ ይርደኣና ድዩ፧ እቶም ድልየታትና ማዕረ ነብስና ድዮም፧ ኣታዊታትናን ወጻኢታትናን ከመይ ይኸዱ ኣለዉ፧ ባህግታትና ማዕረ ኣታዊና ድዮም ዘለዉ ወይስ ብ‘ሰብ ገበሮ’ን ካብ ‘ሰበይ ከይትርፍ’ን ኢና ንምራሕ ዘለና፧ እቲ ‘ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ’ ዝብል ምስላ ኣቦታትና ብግቡእ ተረዲኢናዮ ኣለናዶ፧ ወይስ ብሳእኒ ካልኦት ክንሰጉም ኢና ንህንጠ ዘለና፧ ምስ ኣታዊና ዝሳነ ድሌታት ወይ ወጻኢታት እንተ ሃልዩና ሓደ ምዕሩይ ወይ ጽኑዕን ርጉእን (stable) ዝኾነ ህይወት ክንመርሕ ከም እንኽእል ዘይምስሓት።

ካብቲ ንሓደ ሰብ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ሓያል ዘብልዎ ነገራት፡ ሓደ፡ ንቕሓት ክህልዎ'ሞ ንዝገጥምዎ ዘበሉ ነገራት ከኣ ብርእሰ-ተኣማንነት ክገጥሞም እንከሎ ኮይኑ ይስመዓኒ። መበል 21 ክፍለ ዘመን ከኣ ምስ ኩሉ ብድሆታቱን ዕድላቱን ናይ ኣጋጣሚ ድዩ ናይ ዕድል ኣብዚ ግዜና፡ ኣብዚ ናይ ንእስነት ዕድመና ካብ ኣርኪብናሉ ብኸመይ ንነብስና ረቢሕና ንዝቕጽል ወለዶ ዝተርፍ ዕዮ ንዓይየሉ ነስተንትኖዶ ንህሉ፧

ንመንእሰይ ካብ ዝኾነ ጸገም ዘብልሕዎ ዘለብምዎን ንነብስኻ ምፍላጥን ኣብ ቀጻሊ ናይ ምምሃር ድሌት ናይ ነብሰ ምምዕባል ጻዕሪ ምድሃብን ቀንድን ወሰንትን ክንብሎ ዘይከኣል ኣይኮነን። እሞኸ ደኣ ካብቲ ዝኣተናዮ ዩኒቨርሲቲ፡ ኮለጅ ወይ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ብሓደ ደረጃ ገለ መበገሲ ምህሮ ሒዝና ካብቲ ቀጽሪ ተመሪቕና ምስ ወጻእና፡ ንኣብ ናይ ስራሕ ዓውድታት ምስ ኣተናን ንትምህርቲ ከም ዘወዳእናዮ ዲና ንሓስብ ወይስ ጀመርቲ ምዃንና ይስቀረና'ዩ፧ ንነብስና ከነዕብን ካብቲ ዝፍለጠና ዘመሰለና ደረጃ ቁሩብ ክንውስኽ ንጽዕር ዲና ወላስ ካብቲ ዝነበርናዮ መሊስና ንቑልቁል ንወርድ፧

ንምዝንጋዕ ብኸመይ ትጥቀመሉ ምፍላጥ ርእሱ ዝኸኣለ ብልሒ ዝሓትት ምዃኑ ዝዝንግዕ ዘሎ ኣይመስለንን። ንምዝንጋዕ እንመርጾም ኣገባባትናኸ ዘዘንዩና ድዮም ወይስ ዘልሓጥ ዘብሉናን ግዜና ዘጥፍኡልናን፧ እናተመሃርካ ክትዛነ ዝዕድሙ መዘናግዒታት ዲና ንሓሪ ወላ ንጸጋታትና ዝሕንኩኹ፧ ንምንታይ ኢና ንዘናጋዕ ብዕምቆት ንፈልጥ ዲና ወይስ ካብ መሰልትና ካብ መዛኑና ንኸይንፍለ ኢልና፧ ብዋጋ ናይ ንእስነት ዕድመና፡ ብዋጋ መጻኢናን ዘይምለስ እዋናት ናይ ስራሕ ግዜናን ንስለ ምዝንጋዕ ካብ ክንዘናጋዕ ንጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ዘርበሓና ውጥናት ክንሰእል ከም ዝበልጽ ምፍላጥ ኣዝዩ መሰረታዊ ነገር'ዩ።

ኣኣብ ዘለናዮ ስራሓት ኳንና ነቲ ኣብቲ ዓውዲ ስራሕ ዝጸንሓና ኣሰራርሓ ከም ዘለዎ ዲና ውሒጥናዮ ንኸይድ ወይስ ናብ ዝበለጸን ዝቐርጠወን፡ ዝያዳ እቶታውነት፡ ንዝያዳ ኣድማዕነት፡ ንዝሓሸ ቀጣቢ ግዜን ጸጋታትን፡ ምቹእ ናይ ስራሕ ሃዋህው ክንፈጥር ንሃልኽ፧ ንለውጢ ብኸመይ ኢና ንርድኦ፧ ነቲ ዝነበረ ኣቕሓ ናይ ስራሕ ብሓድሽን ዘመናውን ምልዋጥ ወይስ ናይ ኣሰራርሓ ሜላ ምትእትታው፧ ንግዜ ብደቓይቕ ብኻልኢት ክንጥቀመሉ ዲና ንፍትን ወላ ንናይ ሓደ መዓልቲ መደብ ስራሕና ኣብ ሰሙን ክልተ ሰሙን እናሰራሕና፧ ብዓቢኡ ነዛ ሓጻር ዕምርና እንታይ ሰሪሕና ካብዚ ‘ናይዚ ወለዶ መንእሰይ’ ዝብል ሓላፍነታዊ ግዴታ ክንሓልፍን ሕሰብ፧

ንነብስና ወለድና ከባቢና ብዓቢኡ ኸኣ ሃገርና ካባና እንታይ ይጽበዩ ነጋሪ የድልየና ድዩ ወይስ ነቲ ሰንሰለት ህይወትና ናብ ዝበረኸ ደረት ትርኢት ክንሰቅል ናይ ወትሩ ጥሙሕ ኣለና፧ በቲ ኢልና በቲ ድማ ንመን ንመስል፧ ምስ ውሽጥና፡ ምስ ልብታትና፡ ምስ መንፈስና እንታይ ዓይነት ዝምድና ኣለና፧ ምስ ውሻጠ ሕልናና ጥቡቕ ርክብ ኣለናዶ ወላስ በብዝነፈሰ ወቕታዊ ንፋስ ንየው ነጀው ኢና ንብል ዘለና፧ ናይ'ዚ ዘመን፡ ናይ'ዚ መዋእል መንእሰያት ከም ምዃንና መጠን ነዚ ናይ ዕረፍቲ ኣልቦ ስራሕ መሃዝነት፡ ተበላሓትነት፡ ተዓጻጻፍነት፡ … ዝኾነ እዋን፡ ንመስሎ ዲና፧ ንግዜና ንመስል ኣለናዶ፧

መንእሰይ ዝብሃል ብፍቕዲ ዕድሚኡ ዝነኣሰ ክፋል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ጌርና ዲና ንርድኦ ወይስ እቲ ንኹነታትን ብድሆታትን ህይወት ብቐሊሉ ዘይክማህ፡ ኣብ ቀጻሊ ነብሰ-ምምዕባል ዝርከብ ብዓል ውዑይን ህንጡይን መንፈስ ዘውንን፧ ንጸገማት ከመይ ኢና ንርደኦም፧ ከም ዘልምሱናን ዘየሰጉሙናን ዕንቅፋታት ወላ ከም መብልሒ ፈተናታት፧ እንታይ ዓይነት ህይወ ክህልወና ንህንጠ፧ ኩሉ ነገራ እተጻፈፈሉ ጎደሎ ኣልቦ ዲና ንም ነዚ ጎደሎ ዘይብሉ ‘ምሉእ’ ህይወ እናተመነና'ሽ ነዚ ሕልምና ከነስም እንታይ ዓይነት ጻዕሪ ከነካይ ንዳሎ፧

ነዛ ኣብ ዘየቋርጽ ናይ ምዕባ ሕምባበ እትሸብብ ዘላ ዓለም ኣብ'ዚ ዑደታ ክንወሓጥ ድ ዘምሕረልና ወይስ ደረኽቲ ናይ'‍ ሕምባበኣ ኳንና ነቲ ኣንፈት ጉዕዞ ከነማእዝን ንሕልን፧ ብዓቢኡ ከ ሰባት ብፍላይ ከኣ ከም መንእሰያ ወነንቲ ዘይጽንቐቕ ዕቑር ውሽጣ ሓይሊ ምዃንና ንፈልጥዶና፧ ክ ተፈጥሮኣዊ ጸጋና ክንጥቀመሉ ምብርባር ዘድልየናዶ ንኸውን፧ ዕቑ ውሽጣዊ ጸጋና ኣበይን ከመይ ከነውዕሎ ንሓስብ፧ ንግዝያዊ ሓለፋ ተረሳዕ ምቾትን ወይስ ንነባሪ ዘኽብ ስራሕ፡ ምህዞን ተበላሓትነትን፧

ከም ሰባት ነቲ ዘይትርፍ ናይ ንዓ ዝመስሉን ዝትክኡናን ከነፍሪ ኣ እንገብሮ ናይ ምምስራት ስድራቤ ምህናጽ፡ እቶም ኣብ ምድላው ዘለ ንኹን እቶም ድሮ ጎጆና ዝፈለና ነቶም ተካእትና ከመይ ክኾ ንሓልም፧ ከም ናይቲ ንደቁ ብዝለዓ ስነ-ስርዓትን ትምህርትን ዝሃን ወላዲ ወይስ ከምቲ ደቁ ዝብላዕ ዝኽደንን ጥራይ ኣይስኣኑ ብምባ ኣብ ነገራዊ ትሕዝቶ ጥራይ ዘድሁ ወላዲ፧ ቅድሚ ጽቡቕን ኣገዳስ ዝበልናዮ ከነሕልፍ ምፍታን ንባዕልና ንምልኣት ጽባቐ ውሽጥና ግዳምናን ምስቲ ሕብረተሰብና ዘለ ርክብን ከመይ ንመዝኖ፧

እዚ እዋን ካብ መዓልቲ ና መዓልቲ ጥራይ ዘይኮነ ካ ካልኢትን ካልኢት ኣብ ኣዝ ቅልጡፍ ሕምባበ ናይ ለውጢ ካ ሃለው፡ ምስ'ዚ ዝለዋወጥ ዘሎ ዘመ ቴክኖሎጂ ኣፍልጦናን ኣሰራርሓና ብዓቢኡ ድማ ኣተሓሳስባና ማዕ ማዕሪኡ ክንምጠጥ ንኽእል ዲና ካብቲ ትማሊ ቅድሚ ትማል ቅድሚኡን ብምንታይ ኢና ንፍ ንስጉም ኣለናዶ ወይስ ኣብ ዘለናዮ ንደጋግም፧ ወላ ንድሕሪት ነብ ኣለና፧ ንነብስና ንክሕሸና እን ጽዒርና፡ እንተ ሰሪሕና ብዓቢኡ እ ሕብረተሰብና ንቕድሚት መሪ ማለት ምዃኑ ከይዘንጋዕና ውሽጥ ንፈትሽ። ድኻማትናን ብልጫታት ነለሊ። ንግዜና ንምሰል'ሞ፡ ማዕ እታ ብፍጥነት እትስጉም ዘላ ዓለም ክንምርሽ ኣተሓሳስባና፡ ውሳነታትና ስጉምትታትን ምስ'ዚ መዋእል ነመዓራሪ።

ኤ.ኣ. (ወዲ-ኢሞ)

ሜካ/74



ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ድልያ ሓጒስ

ሓደ እዋን 50 ሰብ ዝሓዘ ጉጅለ ኣብ ሓደ ሰሚናር ተሳተፈ። ነቲ ሰሚናር ዝህብ ዝነበረ ሰብ ከኣ ንኹሎም ሓሓንቲ ብላንቺና ብምሃብ ስሞም ክጽሕፉላ ሓተቶም። ከምኡ ድማ ገበሩ። እቲ ወሃቢ ሰሚናር እተን ባላንቺና ኣኪቡ ኣብ ሓደ ክፍሊ ኣእተወን። ነቶም ተጋባእቲ ኸኣ ከምዚ በሎም፤ “ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቒቕ፡ እታ ስምኩም ዘላታ ባላንቺና ሒዝኩም ቅረቡ።”

እዞም 50 ተጋባእቲ፡ ኣብቲ ስሞም ዝተጻሕፈለን 50 ባላንቺና ዘለዎ ክፍሊ ብምእታው ድልያኦም ጀመሩ። ነፍሲ-ወከፎም ብህዋኽ ባላንቺናኦም ክደልዩ፡ ንሓድሕዶም ክጋጨውን ክደፋፍኡን ነታ ኽፍሊ ኣናወጽዋ። እታ ዝተዋህበቶም ግዜ ኣኸለት'ሞ፡ ሓደ'ኳ ካብኦም ስሙ ዝተጻሕፈታ ባላንቺና ዝሓዛ ኣይነበረን።

ነፍሲ-ወከፎም ንቅድሚኦም ዝጸንሖም ባላንቺና ከልዕሉ እሞ ንዋናኣ ክህብዋ ተነገሮም። 5 ደቒቕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ኸኣ ነናቶም ሓዙ። እቲ ሰሚናር ዝህብ ዝነበረ ሰብ ድማ ዘረባ ጀምረ፤

“እዚ ብልክዕ ኣብ ህይወትና ዘጋጥም እዩ። ነፍሲ-ወከፍና ሓጒስ ኣበይ ከም ትርከብ ከይፈለጥና፡ ንኽንረኽባ ተሃንዲድና ኢና እንደሊ። ሓጒስና ግን ኣብ ናይ ካልኦት ሓጒስ እያ ትርከብ። ንኻልኦት ሓጒሶም ሃቦም እሞ ሓጒስካ ክትረክብ ኢኻ።

ምንጪ፡ Inspirational Stories

# ድሕሪ 1890፡ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዝተራእየ ምቅይያር

ሲልቫን እዮብ

ቋንቋ ናይ ድምጺ ምልክት ኮይኑ ሰባት ሓድሕድ ክረዳድኡን ሓሳባት ክለዋወጡን ዘገልግል፡ ንወዲ-ሰብ ዝተዋህቦ ፍሉይ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ እዩ። ቋንቋ ምስ ግዜ ብብዙሕ ጽልዋታት እናተቐየረ እዩ ዝኸይድ።

ትግርኛ ሓደ ካብ ጥንታውያን መዛርቢ ቋንቋታት እዩ። ካብ ኣዝማድ ቋንቋ ግእዝ (noble kin of Geez) ዝኾነ ቋንቋ ትግርኛ፡ ምስ ግእዝ ብዙሕ ተመሳሳልነት ኣለዎ። ብፊደላት ግእዝ ይጽሓፍ፡ ዝረዓሙ ወይ ካብ ካልኦት ቋንቋታት ዝተለቅሑ ፊደላት'ውን ኣለውዎ። ኣብኡ ንምጥቃስ፤ ሸ፣ ቸ፣ ኘ፣ ፐ፣ ጨ፣ ጀ ወዘተ።

ከሻውያን (ሶሚናዊ ከሻ) ብኸፊል ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ከም ዝዘርከቡ ይፍለጥ። ላዕላይ ከሻ ማለት ኣገው-ኝቋንቋ ትግርኛ ጫሊዳ ልሳን (off-shoot tongue) ኸፈጥረሉ ክኢሉ እዩ። ትግርኛ ካብ ታሕተዋይ ከሻ ወይ ኦሮሞ እውን ገለ ጭቃታት ኣትረፉ እዩ። ቋንቋ ትግርኛ፡ ከም ኩሎም ካልኦት ቋንቋታት ዓለም በብግዜኡ ዕቤትን ለውጥን እናርአየ ዝመጸ'ዩ።

## ጠንቅታት ምቕያር

እዚ መጽናዕቲ'ዚ ድሕሪ 1980 ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዝተራእየ ምቅይያር ዝድህስስ እዩ።

- ኣብ ኩሉ ቋንቋታት ቃላት ምስ ግዜን ዘመናትን ገሊኦም ክኣርጉን ክሞቱን ከለዉ ሓደስቲ ከኣ ይውለዱ። ንኣብነት 'ለቐታ' ዝብል ጉዳም ናይ ትግርኛ ቃል ካብ ቀርበት ዝስራሕ ንምኽዛን ኣዝርእቲ ዘገልግል ዝነበረ ኣቕሓ ኮይኑ ኣብዚ ዘመን'ዚ ኣገልግሎቱ ስለዝበቀዐ እናጠፍአ ይኸይድ ኣሎ።

- ርክብ ቋንቋታት (language contact) ሓደ ካብ ጠንቂታት ምቅይያር እዩ። ንኣብነት ቋንቋ ትግርኛ ምስ ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ርክባት ኣለዎ። ከም ማእከላይ መረዳድኢ ቋንቋ (lingua franca) ኮይኑ እውን የገልግል'ዩ። እዚ ድማ ምስ ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ርክብ ወይ ዝምድና ክዝርር ኣኽኢልዎ። ምስ ካልኦት ባዕዳውያን ቋንቋታት'ውን ዝምድና ኣለዎ። ንኣብነት ካብ ኣምሓርኛ ከም 'ቀበሌ'፡ 'ጥቆማ' ካብ ጣልያን ከም 'ቦርሳ'፡ ካብ እንግሊዝኛ ከም ኮምፒዩተር (computer) ወዘተ. ዝኣመሰሉ ቃላት ክልቃሕ ወይ ክርዕም ክኢሉ እዩ።

- ባህላዊ ረቛሒ (cultural factor) ካልእ ጠንቂ ምቅይያር ቋንቋታት እዩ። ድሌታትን መነባብሮን ተዛረብቲ ሓደ ቋንቋ እናተቐየረ ክኸይድ ከሎ እቲ ቋንቋ እውን ለውጢታት እናገበረ እዩ ዝኸይድ። ንኣብነት ደቀንስትዮ ብዘረ ትግርኛ ዝወድይኦ ዝነበራ ክዳን ማለት 'ቀምሽ' ምስ ግዜን ባህላዊ ምቅይያርን ብኻልኦት ኣሶማት ክዳውንቲ ቦታኡ ይትካእ ኣሎ።

- ቴክኖሎጂ እውን ካልእ ረቛሒ እዩ። ምስ ምህዞታት ሓደሽቲ ንብረትን ፈጠራታትን ሓደስቲ ቃላት ይመጻኡ ወይ ካብ ካልእ ቋንቋታት ይርዓሙ እዮም። ንኣብነት፡ ተለፎን (telephone) ዝብል ቃል ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ዝመጸ እዩ። 'መወልዕን መጥፍእን' (switch)፡ 'ረቂቕ-ንዋት' (software) ዝኣመሰሉ ቃላት'ውን ምስ ቴክኖሎጂ ዝመጹ ኮይኖም ኣብ መዝገበ-ቃላት ትግርኛ ሰፊሮም ንረኽቦም።

- ሕብረተ-ሰብ ቀንዲ ጸላዊ ጭቃ ምቅያያር ቋንቋ እዩ። ሕብረተ-ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ቋንቋ እናቐየረ ይኸይድ እዩ። ንኣብነት ናይ ቀደም ተዛረብቲ ትግርኛ 'ብግዜ-ብዙሓት' ይብሉ ነይሮም። ናይ ሎሚ ተዛረብቲ ትግርኛ ከኣ 'ብግዜ ምንዋሕ/ንውሓት' ዝብል ቃል ክጥቀሙ ንረኽቦም።

- ፖለቲካዊ ረቛሒ እውን (political factor) ካልእ ጸላዊ ጭቃ እዩ። ፖለቲካዊ ኩነታት ዘየዕርፍ ሰዳት፡ መግዛእቲን ወረራትን ኣብ ምቅይያር ቋንቋ ግደ ኣለዎም። ፖለቲካ ዝብል ቃል ንባዕሉ ኣብ ትግርኛ ኣይነበረን። ናይ ባዕዲ ቃል ኮይኑ ኣብ ትግርኛ ምስ ረዓመ ከም 'ፖለቲከኛ' (ስም) 'ፖለቲካዊ' (ቅጽል) ዝኣመሰሉ ቃላት ካብቲ ባዕዳዊ ቃል ፈሊቖም ኣካል ቋንቋ ትግርኛ ክኾኑ በቒዖም።

- ሃይማኖት ኣብ ምቅይያር ቋንቋ ናቱ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብ ምስልምና ጸሎትን ስብከትን ብቋንቋ ዓረብ ስለዝፍጸም፡ ብዙሕ ቃላትን ስውያ ኣዘራርባን ዓረብ ኣብዮም ካልኦት ቋንቋታት ጽልዋ የሕድር። ንኣብነት ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝኾኑ ኣመንቲ ምስልምና (ጀበርቲ) ናይ ዓረብ ቃላት ብዙሕ ከዘውትሩን ናብ ቋንቋኦም ክርዕምዎን ግድን እዩ። ኣመንቲ ክርስትና ከኣ ብቋንቋ ግእዝ ክጽለዉ ባህርያዊ እዩ። በዚ ምኽንያት ብርክት ዝበለ ቃላት ግእዝን ዓረብን ኣብ ትግርኛ ተኣታትዩ ንረክብ። ንኣብነት 'መምህር' ዝብል ቃል ካብ ግእዝ ዝመጸ እዩ። 'እስታዝ' ዝብል ድማ ካብ ዓረብ፡ እዚ ክልቲኡ ብዘበዝሐ ይዝውተር እዩ። ናብ ትግርኛ ክርዕም ከሎ ግን ገለ ምቅይያር ይገብር እዩ። ንኣብነት 'መምህር' ኣብ ትግርኛ ጾታ ኣይፈልን እዩ። ኣብ ግእዝ ግን ወዲተባዕታይ 'መምህር' ክበሃል ከሎ ጓለንስተይቲ 'መምህርት' እያ ትበሃል።

- መራኸቢ-ብዙሓን ኣብ ምቅይያር ቃላትን ኣገላልጻን ጽልዋ ኣለዎ። ምስ ምዕባለ መራኸቢ-ብዙሓን ኣብ ሕብረተሰብ ዝተኣታተዉ ቃላትን ኣገባብ ኣገላልጻን ብዙሓት እዮም። ኣብ ገለ እዋን ኣሉታዊ ተራ እውን ኣለዎም። ግጉይ ኣጠቃቕማ ቃላት ኣብ መራኸቢ-ብዙሃን ምስ ዝዘውተር፡ ናብ ህዝቢ ክዘርጋሕን ኣብ ኣእምሮ ሰማዕቲ ክሰርጽን ቐጻቢታዊ እዩ። ጌጋ እንተሎ ድማ ከም ኣካል ናይቲ ቋንቋ ይልመድን ኣብ ተዛረብቲ ይሰርጽን። ንምእራሙ ድማ ኣሸጋሪ ይኸውን።

## ምቅያያር ኣደማምጻ

ዝኾነ ቋንቋ ኣደማምጻ እናቐየረ ይኸይድ'ዩ። ገለ ድምጺታት ምስቲ ጥቓኦም ዘሎ ድምጺ ኣወሃሂደካ ምድማጹ ኣብ ዘሸግረሉ ተዛረብቲ ቋንቋ ከምቲ ዝጥዕሞም እዮም ዘድምጽዎ። እዚ ድማ ምቕያር ናይቲ ቃል የስዕብ። ንኣብነት ቀዳሞት ተዛረብቲ ትግርኛ ነዚ ሎሚ 'ሸውዓተ' ኢልና እነድምጾ 'ሱብዓተ' ወይ 'ሾብዓተ' ኢሎም የድምጽዎ ነይሮም። እተን ክልተ ቀዳሞት ፊደላት ብሳዕቢ እታ ሳልሰይቲ ፊደል 'ዓ' ደምጸን ክቕይራ ይግደዳ ማለት እዩ። ካልእ ኣብነት፡ 'ደመወዘ' ዝብል ቃል ሎሚ ናብ 'ደሞዝ' ተቐይሩ ኣሎ። ኑቲ 'ወ' ዝብል ደምጺ ብምስራዝ ኣደማምጽኡ ከምዝተሓጸረ ድማ ንዕዘብ። 'በይዛኺ' ዝበረ ሎሚ 'በኻኺ' ኢልና ነድምጾ ኣለና፡ እተን ክልተ ፊደል ተሰሪዘን ብካልእ ሓንቲ ፊደል ተተኪአን።

ብኣንጻር ስረዝ ምውሳኽ ፊደል እውን ኣሎ። ንኣብነት፡ ወለዶ ካብ ዝብል ሱር ቃል ዝፍጠር ቃል እቶም ቀዳሞት ኣሕጽር ኣቦሎም 'ምላድ' ይብልዎ ነይሮም። ሎሚ ድማ 'ምውላድ' ኢልና ነድምጾ ኣለና።

ምልውዋጥ ቦታ ደምጺታት (metathesis) እውን ኣብ ብዙሕ ቋንቋታት ዝርአ እዩ። ንኣብነት ኣብ ትግርኛ፡ 'ዓውብል' ዝብል ቃል ኣብ ላህጃ ናይ ገለ ከባቢ ተዛረብቲ ትግርኛ 'ዋዕብል' ይበሃል። 'ሙብጽዓ' ዝብል ቃል ብኻልኦት ተዛረብቲ 'መጽብዓ' ተባሂሉ ይድመጽ።

ምትኽኻእ ናይ ደምጺታት ተወሳኺ ካልእ ረቛሒ ናይ ምቅይያር እዩ። ኣብ ትግርኛ ገለ ካብቶም ቀንዲ ተተኻኻእቲ ፊደላት ከም በዓል ዐ፣ ጨ፣ ሐ፣ ኸ፣ ሰ፣ ዘ ዝመሰሉ ፊደላት ኮይኖም፡ ብአ፣ ጸ፣ ሀ፣ ከ፣ ሸ፣ ጀ'ን ይትክኡ እሞ ናይ ድምጺ ፍልልይ ይፈጥሩ። ንኣብነት 'ሰዐሊ' ዝበለ ናይ ቀዳሞት ቃል ኣብዚ ሎሚ እዋን ናብ 'ሰኣሊ' ተቐይሩ ንረኽቦ።

ምቅይያር ኣብ ሱሩኣቃውማ ቃል

ጥብቆ ደምጺታት ካልእ ረቛሒ ናይ ምቅይያር እዩ። ንኣብነት ቀዳሞት ተዛረብቲ ትግርኛ ነዚ ሎሚ 'ኣውዳት' ኢልና ነድምጾ 'ውዳት' ብምባል ኣጥቢቖም የድምጽዎ ነይሮም። ከምኡ'ውን 'ኣዋልድ' ንምባል 'ጓላት' ብምባል የድምጹ ነይሮም። 'ኣሓትና' እትብል ቃል ብ'ኣሕዋትና' ተቐይራ ትርከብ። ከምኡ'ውን ኣብ ድሕሪ ጥብቆ ቃል (suffix) ብዙሕ ምቅይያር ይርአ። ንኣብነት፡ 'ኣሕሉቓና' እትብል ናብ 'ሓለቓትታና' ተቐይራ ትርከብ። እዚ ምቅይያር እዚ ዝመጸ እቲ ቅድመ ጥብቆ ቃል 'ኣ' ብድሕሪ ጥብቆ ቃል 'ታት' ስለዝተቐየረ እዩ። ምጉዳል ጥብቆ ቃል እውን ኣሎ። 'እንካብ' ዝብል ናይ ቀደም ቃል ሎሚ ናብ 'ካብ' ተቐይሩ ይርከብ። 'ካብኡታቶም' ብሰንኪ ምጉዳል ጥብቆ ቃል 'ታ'፡ ሎሚ 'ካብኣቶም' ኢልና ነድምጾ ኣለና። 'ፍያቶት" ጥብቆ ቃል 'ት' ብምጉዳል ናብ 'ፍያቶ' ተቐይሩ ይርከብ።

## ለውጢ ኣብ ኣቃውማ ምሉእ ሓሳባት

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ቀንዲ መስርዕ ናይ ቃላት፡ በዓልቤት፣ ተሳሓቢን ግስን እዩ። የግዳስ ቀዳሞት ደቀባት ተዛረብቲ ትግርኛ ካልእ ዓይነት መስርዕ ይጥቀሙ ነይሮም። ንኣብነት፣ ኣብ ክንዲ 'መሰሉኒ ወርቂ ቅናቱ' 'ወርቂ ቅናቱ መሰሉኒ' ኢልና ንረኽቦ። እታ ቀዳመይቲ ብግሲ ክትጅምር ከላ እታ ካልኣይቲ ምሉእ ሓሳብ ግን ብዘመናዊ ኣሰራርዓ ቃላት ትግርኛ (በዓልቤት፣ ተሳሓቢን ግሲን) ተቐይራ ማለት እዩ።

## ሱሩቃላዊ (lexical) ምቅይያር ምውሳኽ ቃላት ብምርዓም (ብምልቃሕ)

ከም ካልኦት ቋንቋታት፡ ትግርኛ'ውን ካብ ጣልያን፣ እንግሊዝ፣ ኣምሓርኛ፡ ዓረብ፡ ግእዝን ካልኦትን ዝረዓሙ ቃላት ኣለውዎ። ካብ ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ እውን ተለቂሑ እዩ። ትግርኛን ሳሆን ብዙሕ ናይ ሱሩቃላዊ ተመሳሳልነት ኣለዎም፡ ንኣብነት 'ካትሶ' ኣብ ክልቲኡ ቋንቋታት ዝውተር ቃል ኮይኑ ኣምሩ ሓደ እዩ።

## ምውሳኽ ቃላት ብምፍጣም ሓደሽቲ ቃላት

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዘለዉ ገለ ቃላት ካብ ምውህሃድን ምምንፃጊውን ቃላት ዝማዕበሉ እዮም። ንኣብነት 'ዓዲጊ ምድሪ'፡ 'መራኸቢ ብዙሓን' ዝብሉ ቃላት ብምውህሃድ ናይ ቃላት ዝተፈጥሩ እዮም። ከም ላም፡ ኣረቂ ዝኣመሰሉ ቃላት ድማ ካብ ላሕምን ኣረቅን (ዓረብኛ ቃል) ዝመንጨዉ እዮም።

## ምጉዳል ቃላት

ወለዶ እናተቐየረ ክኸይድ ከሎ፡ እቲ ዝስዕብ ወለዶ ሓደሽቲ ቃላት እናመሃዘን ነቶም ጥንታውያን ቃላት እናገደፈን ይኸይድ። ንኣብነት 'ቅርዓት' ብ'ደገ' ዝብል ቃል ክትካእ ከሎ 'ሰርቆት' ከኣ ብ'ሕጽኖት' ተተኪኡ ይርከብ። 'ሞሳ' ዝብል ናይ ትግርኛ ቃል ዋላ እኳ እንተዘይተረፈ ብ'ምስጋና' ዝብል ናይ ግእዝ ቃል ተዓብሊሉ ይርከብ። ብኣንጻሩ ቃላት ናይ ባዕዳውያን ክጽንቱን ብሓደሽቲ ቃላት ትግርኛ ክትክኡን ይርአዩ እዮም። ንኣብነት 'ተናገ' ዝብል ካብ ኣምሓርኛ ተረዲሙ ዝውተር ዝነበረ ቃል ጠፊኡ ብ'ተዛረብ' ዝብል ናይ ትግርኛ ቃል ተተኪኡ ይርከብ። ብሰንኪ ምልቃሕ ወይ መርዓም ባዕዳውያን ቃላት'ውን ኣየም ጥንታውያን ክጽንቱ ይርአዩ እዮም። ንኣብነት 'ከበሒ' ዝብል ጥንታዊ ቃል ናይ ትግርኛ ብ'ኦርማደዮ' ዝብል ናይ ጣልያን ቃል ተተኪኡ ይርከብ።

## ምቅይያር ትርጉም

ምልዋጥ ትርጉም (semantic shift) ማለት ሓደ ቃል ምሉእ ብምሉእ ወይ ከኣ ገለ ክፋሉ ክቕየር ከሎ ማለት እዩ። ንኣብነት 'ሕመረት' ዝብል ቃል ናይ ቀደም ሕብረተ-ሰብ 'ጉንዲ ገረብ' ንምባል ይጥቀሙሉ ነበሩ። ናይ ሎሚ ወለዶ ግን 'መሰረታዊ ነገር ወይ ቀንዲ ትሕዝቶ' ዝብል ትርጉም ሂቡዎ ኣሎ።

ምብዛሕ ትርጉም (semantic broadening)- ሓደ ቃል ትርጉሙን ኣጠቓቕማኡን ካብቲ ናይ ቀደም ክሰፍሕን ክበዝሕን ከሎ ማለት እዩ። ንኣብነት 'ደስከሉ' ዝብል ቃል ቀደም ዘመን ክትርጉም ከሎ 'ሓፈሱ ወይ ረገኡ' ማለት እዩ ነይሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ትርጉሙ ን'ጉዲ ወዓል ወይ ካብ ስራሕ ዝጠፈረ ወይ ካብ ሓላፍነቱ ዝወረደ' ከገልግል ይርአ።

ምጽባብ ትርጉም (semantic narrowing)- ሓደ ቃል ትርጉሙ ክጸብብን ክድረትን ከሎ ማለት እዩ። ንኣብነት 'ምስትምሃር' ዝብል ቃል እቲ ቀደም ግዜ 'ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ምምሃር' ንምባል ይጠቅም ነይሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ግን ዝያዳ 'ሃይማኖታዊ ስብከት' የገልግል ኣሎ።

ኣወንታዊ ትርጉም ዝነበሮ ቃል ናብ ኣሉታዊ ክቕየር ከሎ (semantic pejoration)- እዚ ማለት ሓደ ደስ ዝብል ትርጉም ዝነበሮ ቃል ንምኽሳዕን ምንእኣስን ክዘውተር ከሎ ማለት እዩ። ንኣብነት 'መንደለ' ዝብል ቃል እቲ ቀደም 'ኣብ ምግባዝ ዝርከብ ወዲ' ንምባል የገልግል ነይሩ። እዞም ዘመናውያን ወለዶ ግን 'ሰራቒ ወይ መዝረፊ' ዝብል ትርጉም ሂቦም ከዘውትሩዋ ይሰምዑ።

## ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ምቅይያር ቋንቋኦም ዘለዎም ኣርኣእያ

ዝጠዝሉ ዝተወከሱዎም ምሁራትን ፈላጥትን ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ምቅይያር ቋንቋኦም ኣዎንታዊ ኣረኣእያ ኣለዎም። 'ናይ ልቓሕ ቃላት ንብዙሓት ሓደሽቲ ፍርያትን ኣቑሑን መጸወዒ ስም ክንረኽበሎም ኣኽኢሎምና'ዮም። ተመሳሳሊ ኣደማምጻ ዝነበሮም ብርክት ዝበሉ ቃላት እውን ምስ ምቅይያር ፍልልዮም ክበርህ ክኢሉ እዩ። ንኣብነት 'ምዓር' ዝብል ቃል ናብ 'ምዕዋር' ምቕያሩ ካብቲ 'መዓር' (honey) ዝብል ቃል ንምፍላዩ ኣኽኢሉ'ዩ። ካልእ ሓያሎ ጥቕምታት እውን ስለዘለዎ ምቅይያር ምልክት ናይ ምዕባለ እዩ' ዝብል ርእይቶ ኣለዎም።

ብኣንጻሩ ገለ ሰባት ንምቅይያር ኣይቅበልዎን። 'ቋንቋ ክቕየር ከሎ ኑቲ መበቆል ናይቲ ቃል የህስሶ እዩ። ቀዳሞት ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ቃላት ኑቲ ባህሎምን መነብሮኦምን ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ። ምቅይያር ቋንቋ ሕብረተ-ሰብ ባህሉ ከጥፍእ ዝድርኽ እዩ። ኣብ መንነ ብዕድመ ዝደፈኡን መንእሰያትን ናይ ምርድዳእ ጸገም የምጽእ' ዝብል ርእይቶ ድማ ኣለዎም።

ምቅይያር ቋንቋ ጠቓሚ ድዩ ጉዳኢ ኣንባቢ ናቱ ርእይቶ ክህልዎ ይኽእል። እቲ ክውንነ ሓቂ ግን ዝኾነ ቋንቋ ምስ ግዜ ተቐያያሪ (ዳይናሚክ) ምዃኑ እዩ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ኣብ መንን ከሳሲ ኣቶ መንግስ ፍስሓጼን ገብረእግዚኣብሄርን ተኸሳሲት ወ/ሮ ጸገ ገብረሂወት ገብረክርስቶስን ዘሎ ናይ ማኪና ስም ምትሕልላፍ ክርክር፡ ተኸሳሲት ኣድራሻኣ ስለዘይተፈለጠ ን10/1/23 ኣብ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ትቕረብ፡ እንተዘይቀሪባ፡ ጉዳይ ኣብዘየላትሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ት ኣይዳ ጸጋይ በየ፡ ወለደይ ጸጋይ በየን ኣዜብ እያሱን ስለዝዀረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ኢትዮጵያ ሓጎስ ገብረማርያም፡ ኣደይ ኣበባ ሃይለ ወልደገርግስ ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ህጻን ናቢል ኣሮን ማሰፍን ፡ብዞሞዚቱ ወ/ሮ ኣስቴር ገብረኪዳን ኣብሉ፡ ኣቦይ ኣሮን ማሰፍን ስለዝዀረፈ ኣነ ኣመልካቲ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ወ/ሮ ኤልሳ በራኺ ተኽለሃይማኖት፡ ብስም ወረስቲ ነ/ሄር በርሀ ነጋሲን ለተሃይማኖት ጸጉ ብርሃንን ኣብ ኣስመራ ዞባ '7' ምም 02 ጉደና ደኛ. ተሰፋማርያም ቁ.ገዛ 131 ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ቁጽሪ ወረቐት 105033 መወከሲ ቁጽሪ 106227 ንብጽሒተይ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ንሰለስተ 3 ደቀይ ብስሞም ስለዝበደፈትልና፡ ዝቃወም እንተሎ ን20/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዘርኣብሩኽ ግደይ ሰበሀ፡ ምባል ተረፉ፡ ዘርኣ ግደይ ሰበሀ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/23 ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ሰምረት ተወልደመድህን ገብረመድህን፡ በዓል ቤተይ መኳንል ካሕሳይ ተኽለ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሩታ ገብሩ ኢያሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ረድኤት ዓንደማርያም ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

መም/ግርማይ ኣሰፋሃ ሃይሉ፡ በዓልቲ ቤተይ ኣስመረት ገ/እግዚኣብሄር ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሩፍታ ተኽለሃይማኖት ሳህለዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጠዓመ መልኣከ ሃይለ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈለጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/1/23 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ናብ ቤት ዘመድ ክምራሕ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ሩታ ሃብቶም የውሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የማነ ተስፋይ ዑቕባሓንስ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣሕመድ ሰፋሮ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ሰፈሮ መሓመድ ዓሊ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሙሉኣለም ፍትዊ ጋይም፡ ዓዋዩይ ያዕሸ ወልዱ ጫዕሮም ስለዝዀረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ትኹል

ወ/ሮ ለምለም ተኽለ ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተኾመ ኣብርሃለይ በርሀ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲት ሓበን ኣብራሃም ንጉሰ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መሓሪ ገብረእግዚኣብሄር ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክሲ ተማስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቂ ሽሓይ

ወ/ሮ ርዚና ቀለታ በራኺ፡ ብዓል ቤተይ መርሃዊ ቦኽረጽዮን ስለዝዀረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ከሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

---

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እንዳተመነየ ብቑዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 9 ጥሪ ክጅምር ምዃኑ ክሕብር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዲፕሎማ ፈተነታት (DELF) ተዳልዩ'ውን ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ    ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፡ ጎድኒ ቤት ማይ ተሰነ ጥቓ ዓርባና ፊልቶራንት እዩ።

---

## Vacancy Announcement

**Position: Logistics in charge**
**Place of Work: Debarwa**
**Number required: 01**

**1. Major Duties and Responsibilities**

- Fully responsible for the logistics affairs (security, sanitation, canteen, dormitory, vehicles etc.)
- Improve logistics management system and standardize management process
- Responsible for management, allocation and cost control of the office related stationeries, fixed assets, information construction, security and logistic support within the company.
- Statistics and purchase of logistics materials timely according to the work requirement.
- Perform other job assignments by supervisor or line manager.

**2. Qualification Requirement**

Education:
- BS degree logistic

Work experience:
- More than five years of logistic work within mining industry

Additional skills and abilities:
- Fluency in English is required.
- Skillfully use the computers and statistic softwares

**3. General Information**

- §Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- resent clearance paper from current/last employer
- estimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- nly shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
- §Application documents will not be returned to the sender.
- §All application should be sent though the post office.
- §Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

**4. Address**

- Please mail your application to Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp LTD. (ESMC) P.O. Box 4832-Asmara.

Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs
P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea

---

**Notice to Shareholders of Tamoil Malindi (Eritrea) Sh.Co.**

A General Meeting of the shareholders of the company will be held on January 10, 2023, at the head office of Tamoil Malindi Sh.Co. Eritrea, Asmara.

**Tamoil Malindi Eritrea Sh.Co**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን ...

ሻምፕዮና ካልኣይ ዲቪዥን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት ቀጺሉ ምውዓሉ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

ኣብ ዕለተ ቀዳም፡ ፈለማ ናይ ምድብ 'ለ' ጋንታታት - ጉዳይፍን ቲራቮሎን እየን ተፋሊመን። ቲራቮሎ፡ ቀዲማ ኣብ ታሽዓይ ደቒቕ ብመንገዲ ሳሚኤል ተኸስተ ብዘመዝገበቶ ሹቶ 1-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይምንባሩ፡ ድማ፡ ቲራቮሎ ሰለስተ ነጥቢ ሓፊሳ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ሰለስተ ግጥማት ትሽዓተ ነጥቢ ሒዛ ትርከብ።



ድሕሪ'ዛ ጸወታ፡ መሪብ ስቲት ኣንጻር ዕዳጋ ሓሙስ ተጋጢመን። መሪብ ስቲት፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 14ን 37ን ደቓይቕ ካብ ዳኒኤል መሓሪን ሻም ብርሃኑን ሽቶታት ብምርካብ፡ 2-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ጸወታ፡ መሪብ ስቲት፡ ካብ ዳኒኤል መሓሪ ኣብ 47ን 67ን ደቓይቕ ክልተ ሽቶታት ብምውሳኽ መራሕነታ ናብ 4-ብ0 ኣዕረገቶ። ዳኒኤል ከኣ፡ ሃትሪክ ሰሪሑ። ይኹን እምበር፡ ድሒራ ዝተበራበረት ዕዳጋ ሓሙስ፡ ሓንቲ ካብ ሳይሞን ደብሳይ፡ ሓንቲ ከኣ ተጻዋታይ መሪብ ስቲት ሳይሞን የውሃንስ ናብ ገዛእ ልዳቱ ብዘመዝገቦ ሹቶ ንወጽኢት ናብ 4-ብ2 ኣጸቢባቶ። ግዜ ብምእካሉ ግን፡ ጸወታ ብዓወት ስቲት ተዛዚሙ።

ጸወታ ጉዞጠንዳን ገጀረትን እውን ኣካል እታ መዓልቲ እዩ ነይሩ። ገጀረት፡ ቀዲማ ብመንገዲ ሰረቐ ብርሃ ሽቶ ብምቝጻራ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ። እዛ ጋንታ ኣብ ካልኣይ እብረ እውን፡ ካብ ሴም ኣማኒኤል ካልኣይቲ ሽቶ ኣመዝጊባ። ይኹን እምበር፡ ጉዞ ጠንዱ፡ ብተኸታታሊ ኣብ 85ን 90ን ደቓይቕ ካብ ርቢል በየነን ዩኤል ገብረዝጊን ሽቶ ብምርካብ፡ ነጥቢ ተማቒሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰንበት እውን ብናይ ምድብ 'ሀ' ዝቐጸለ እዚ ውድድር፡ ፈለማ ደንደን ኣንጻር ኣልታሕረር ተራኺቡ። ደንደን፡ ብተኸታታሊ ቀድምን ድሕርን ዕረፍቲ ካብ - ወቅያኖስ ፍስሃ፡ ዩኤል ዘርኣይስ፡ ኬብሮን ያሬድ፡ ናትናኤል የሱፍ ብዘመዝገብዎን ሽቶታት 4-ብ0 ተዓዊታ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ክልተ ጸወታታት ኣርባዕተ ነጥቢ ከተዋህልል እንከላ፡ ኣልታሕረር ግን፡ ሓደ ነጥቢ ኣለዋ።

ኣኽርያ ኣንጻር ኣርባዕተ ኣስመራ ኣብ ዝገበረቶ ጸወታ ድማ፡ ብዘይ ሽቶ ክዛዘም እንከሎ፡ ዛጊት ኣኽርያ ሰለስተ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ከኣ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣዋህሊለን ይርከባ። ብተወሳኺ፡ ኣቦሻውልን ማይ-ተመናይን ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም፡ ማይ-ተመናይ ኣብ መበል 88 ደቒቕ ካብ ስምኦን ሓጎስ ሽቶ ብምርካብ ሰለስተ ነጥቢ ከሲቡ።

እዚ ውድድር፡ ቀዳም ገጀረት ኣንጻር መሪብ ስቲት፡ ጉዳይፍ ኣንጻር ዕዳጋሓሙስ፡ ጉዞጠንዳ ኣንጻር ቲራቮሎ፡ ሰንበት ከኣ፡ ኣኽርያ ኣንጻር ጸጸራት፡ ማይ-ተመናይ ኣንጻር ደንደን፡ ኣቦሻውል ኣንጻር ኣልታሕረር ብዘካይዳኦ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

## ምርጫ ፌደረሽናት ተዛዚሙ

ሓያስቲ ኣካየድቲ ሃገራውያን ፌደረሽናት ንምምራጽ ክካየድ ዝቐጸለ ምርጫ፡ ዝሓለፈ ቀዳም 24 ታሕሳስ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ያታዊ ስፖርት፡ ንኣቶ ብርሃ ተኽስተ - ፕረዚደንት፡ ኣቶ ሃብተስላሴ ክብርኣብ - ምክ/ ፕረዚደንት፡ መም. የማ ቦኽረጸዮን - ዋና ጸሓፊ፡ መም. በረኸት ተኽለገርግሽ - ፋይናንስ፡ መም. ዑቕባስ ሙብራህቱ - ቴክኒክ፡ ኣቶ ሙሴ ፍስሃየ - ዳኛት፡ ኣቶ የውሃንስ ተኽላይ - ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ወ/ሮ ሳራ ቦኽራይ - ምክትታል ደቂ ኣንስትዮ ክምኡ'ውን ኣምለሶም የውሃንስ - ህዝባዊ ርክባት መሪጹ።



ብዘይካ'ዚ፡ ፌደረሽን ቅድድም ኣግማል፡ ንኣቶ ሳልሕ ኣበበር - ፕረዚደንት፡ ኣቶ ሙሳ ኢብራሂም ምክ/ፕረዚደንት፡ ኣቶ ከማል ሓሰን - ዋና-ጸሓፊ፡ ኣቶ ዓብደላ ኢድሪስ - ፋይናንስ፡ ኣቶ መሓሙድ ኣበዙሄር - ቴክኒክ፡ ኣቶ ሓምድ መሓመድ - ውድድርን ስነ-ስርዓትን፡ ኣቶ ክፍለዝጊ ስእላይ - ዳኛት፡ ኣቶ መሓመድ ኣልኣሚን ሸንጉብ - ህ/ርክባት ክምኡ'ውን ኣቶ ኤልያስ ምናሴ - ሓከም እንስሳ መሪጹ ምህላዉ፡ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓቢሩ።

## ውድድር ባይታ ተኒስ ጀሚሩ

ኣብ መንጎ ክልተ ክለባት ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል ማለት ማሕበር ተኒስ ኣስመራን ደምበ ሰምበልን ዘዋራት ዋንጫ ይካየድ ኣሎ።

እዚ ዝሓለፈ ሰንበት 25 ታሕሳስ ዝጀመረ ውድድር፡ ኣብ ሽሞንተ ክሊ. ዕድመ - ትሕቲ 10 ዓመት፡ 12፡ 14፡ 16፡ 18፡ ከምኡ'ውን ካብ 19 ክሳብ 35 ዓመት፡ ካብ 36 ክሳብ 60 ዓመትን ልዕሊ 61 ዓመትን ዘጠቓልል እዩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ መኽፈቲ መዓልቲ ካብ ዝተገበረ ጸወታታት፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 10 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ቢታንያ ሙሴ (ቤት ገርግሽ) ንሳሌም ኤፍሬም (ደምበ ሰምበል)፡ ከንኣን ሙሴ (ቤት ገርግሽ) ንሞኢንካ ፍራንኮ (ሰምበል) ስዒረናአን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ 12 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ኬብሮን ተኾመ (ቤት ገርግሽ) ንፍረወንጌል ሙሴ (ደምበ ሰምበል)፡ ሳሙኤል ኣስመሮም (ደምበ ሰምበል) ንሰናይ ኣልኣዛር (ቤት ገርግሽ)፡ ቅዱስ ሰለሙን (ቤት ገርግሽ) ንዮኣስ መሓሪ (ደምበል ሰምበል) ረቲዖሞም።

ብተወሳኺ፡ ትሕቲ 16 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሳሮን ልኡል (ደምበ ሰምበል) ንኣቢቲ ገብራይ (ቤት ገርግሽ)፡ ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሚሮን ደብሳይ (ደምበ ሰምበል) ንሩፋኤል ፍጹም (ቤት ገርግሽ) ብምስዓሮም፡ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፎም ምህላዎም ህዝባዊ ርክባት ናይ'ቲ ውድድር ኣብ ዝለኣኾ ጽሑፍ ኣረዲኡ።

## ግጥማት ኲዕሶ እግሪ ከተማ ከረን ይቕጽል

## ሊግ ዓንሰባ ኣብ ወሳኒ መድረኽ

ሻምፕዮና ከተማ ከረንን ሊግ ዓንሰባን ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት ቀጺሉ ውዒሉ።

ሻምፕዮና ከተማ ከረን ኣብ ዕለተ ቀዳም፡ ፈለማ ንማስከረምን ጋሽን ከራኽብ እንከሎ፡ ማስከረም ኣብ ካልኣይ ደቒቕ ካብ ሂኒ ጉብረረብ፡ ጋሽ ከኣ ካብ ዓወት መሓሪ ሽቶ ብምቝጻረን ንዕረፍቲ 1-ብ1 ኣምሪሐ። ጋሽ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ መበል 47ን 62ን ደቓይቕ ካብ ዓብዱላሂ እስማዒልን ፍትሒ ሓሰበላን፡ ማስከረም ድማ፡ ካብ ሂኒ ሽቶ ብምውሳኸን፡ ጸወታ ብዓወት ጋሽ 3-ብ2 ተዛዚሙ። ብዘይካ'ዚ፡ ሻን ንላልምባ 2-ብ1 ኣሰኒፋታ። እዚ ውድድር፡ ሰንበት ሓንቲ ጸወታ - ሕውትት ኣንጻር ኣነጀም - ሰሪሑ ነይሩ። ሕውትት ድማ፡ ካብ ደገ ስምኦን ሰለስተ፡ ኣብርሃም እዮብ - ክልተ፡ ሓንቲ ኸኣ ካብ ፋትኤል ማስፍን ሽቶታት ብምርካብ ብጠፊሕ ወጽኢት 6-ብ0 ተዓዊታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ሊግ ዓንሰባ ቀጺሉ ነይሩ። ቀዲመን፡ ደሴትን ኢትዓብርን እንክፋለማ፡ ደሴት፡ 2-ብ1 ተዓዊታ።

ሓደ ካብ ዓበይቲ ግጥማት ናይዚ ሊግ ዝኾነ ግጥም ዓንሰባን ኣስርን እውን ኣካል ናይዚ ዕለት ነይሩ። ኣስር ድማ፡ ካብ ረዳኢ ወልደሚካኤል፡ ዑመር እድሪስ (ክልተ ሽቶታት) ከምኡ'ውን ካብ ቤንሁር ኣማኑኤል ብድምር ኣርባዕተ ሽቶታት ብምቝጻር፡ ነታ ካብ ዓድል መሓመድ ሓንቲ ሽቶ ዝረኸበት ዓንሰባ 4-ብ1 ሰዒራታ። ኣቦኣ ዑመር እድሪስ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።

ሰንበት ብጸወታ ኣልሂላልን ጉዞጠንዳን እዩ ፈሊሙ። ኣልሂላል ድማ 4-ብ2 ተዓዊታ። ኣልሂላል፡ ክልተ ካብ ዋኣል እድሪስ፡ ሓሓንቲ ከኣ ካብ ሮሞዳን ዑመር፣ ምከኤል ተስፋማርያም ከተመዝግብ እንከላ፡ ጉዞጠንዳ ከኣ፡ ካብ ሰማንደር ኢሳቑን ኤሽን ወልደጼንን ክልተ ሽቶታት ኣቑጺራ።

ዝዓበየ ጸወታ ናይታ ሰሙን እንተኻይሩ፡ ናይተን ኣብ ሓደ ምምሕዳር ከባቢ ዝተደኮና ሳሳለን ደንደንን እዩ። ቅድሚ እዛ ጸወታ፡ ሳሳለ ብ35 ነጥቢ መራሒት ክትከውን እንከላ፡ ደንደን ብ32 ነጥቢ ትስዕብ ነይራ። ፍልልያ ንምጽባብ ዝጸዓረት ደንደን፡ ኣብ መበል 27 ደቒቕ ብፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ፡ ካብ ርቢል ሰለሙን ሽቶ ረኺባ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ሳሳለ፡ ብመንገዲ ኣጥቃዓያ የውሃንስ ሃይለ - ካብ ኣስታት 25 ሜትሮ ተሪር ቅላዕ ብምቕላዕ - ብልጽቲ ሽቶ ኣመዝጊባ። ይኹን እምበር፡ ደንደን፡ ደጊማ ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ (ርቢል ዝሃረማ እሞ ዓንዲ ልዳት ሃሪማ ምስተመልሰት ሓብን ዘመዝገባ) ናብ ሽቶ ብምቕያራ፡ 2-ብ1 ተዓዊታ። ኣብዚ ጸወታ፡ ተጻዋትቲ ሳሳለ፡ ንዘተዋህበት ፍጹም ቅላዕ ኣብ ዘተቓወሙሉ፡ ዘይ-ስፖርታዊ ስነ-ምግባር ክፍጽሙን ንጸወታ ንሓያሎ ደቓይቕ ደው ከብሉን ተራእዮም። በዚ ወጽኢት፡ ኣስር፡ ደንደንን ሳሳለን ነፍስ-ወከፈን 35 ነጥቢ ኣዋህሊለን ብጹብለልታ ሽቶ ተፈላልየን ከክልተ ወሰንቲ ግጥማት ተሪፉወን ምህላዉ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና የረድኣ።

## መደብ ጸወታ

ቸልሲ - ቦርንማውዝ
8:30 ምሸት
ማን ዩናይትድ - ኖቲንግሃም
11:00 ምሸት

## መእረምታ

ኣብ ናይ ቀዳም ሕታምና፡ 'ምርጫ ፌደረሽናት' ኣብ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ፡ ኣብ ፌደረሽን ምሕንባስን ምጅላብን 'ኣቶ ሰለሙን ኣርኣያ ፕረዚደንት' ዝብል ዝበረ 'ኣቶ ሰለሙን ነጋሽ' ተባሂሉ ተኣሪሙ ክንበብ፡ ብዘይካ'ዚ፡ ስም ናይ'ቲ ንብታ ሓላፍነት ውድድርን ስነ-ስርዓትን ኣብ ሃገራዊ ፌደረሽን ሰደቓ ቴኒስ ኤርትራ ዝተመርጸ ከይተጠቕሰ ዝሓለፈ ኮይኑ፡ ኣቶ ዳዊት ገብረትንሳኤ ምምራጹ ምስ ናይ ይቕረታ ንሕብር። እዚ ጌጋታት'ዚ፡ ካብ ህዝባዊ ርክባት ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ምጕኡ እውን ንገልጽ።

## መቕሸሽ

ብምኽንያት በዓል ልደት (ክሪስማስ) ዝተፈላለዩ ተጻወትቲ ህያብ ኣብ ዝቕበልሉ ዘለዉ እዋን፡ ጆርጂና ሮድሪገዝ ዝተባህለት ዓርኪ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ነዚ ጋንታ ኣልቦ ዘሎ ፖርቱጋላዊ ተጻዋታይ፡ ሮልስሮይስ ዝዓይነታ ክቡርቲ ማኪና ህያብ ስለዝሃበቶ ኣቓልቦ ስሒቡ።

እዛ ኣርጀንቲናዊት ሞዴል፡ ብዜካ እዛ ማኪና፡ ዝተፈላለየ ገጸ በረከት - ንደቃን ደቂ ሮናልዶን ዝኾና ብኽሊታታት - እውን ከምዝሃበቶየም ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ኣብ ዓምደን ኣስፊረን።

ሮናልዶ፡ ድሕሪ ምስ ማን ዩናይትድ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ምፍልላዩ፡ ኣብዚ እዋን ምስ ዝኾነት ጋንታ ከምዝዀለ ይፍለጥ።





# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሶማል - ኣልሸባብ 14 ኢራናውያን ገፈፍቲ ዓሳ ናጻ ለቒቑ

ኣብ ሶማል ዝንቀሳቐስ ዕጡቕ ግብረ-ሽበራዊ ጉጅለ ኣልሸባብ፡ ንዓመታት ጀሆ ሒዙዎም ዝጸንሐ 14 ኢራናውያን ገፈፍቲ ዓሳ ናጻ ከምዝለቐቖም፡ ኣገልግሎት ዜና ኢራን (ISNA) ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ኣገልግሎት ዜና፡ እቶም ኢራናውያን ናጻ ክልቀቑ ዝኽኣሉ፡ መራሕቲ ቀቢላታትን ዓበይቲ ዓዲን ሶማል - ምስ'ቲ ጥሩፍ ጉጅለ ንዝዊሕ እዋን ዝቐጸለ ዝርርብ ከካይዱ ድሕሪ ምጽናሖም እዩ።

ገለ ካብ'ቶም ድሮ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ዘለዉ ገፈፍቲ ዓሳ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ማያት ህንዳዊ ውቅያኖስ ዓሳ እናገፈፉ እንከለዉ፡ በቲ ጥሩፍ ጉጅለ ድሕሪ ምጭዋዮም፡ ንሸሞንተ ዓመታት ዝኣክል ጀሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ እዮም።

ቅድሚ ሓደ ወርሒ፡ ፖሊስ ሶማል ኣብ ዝሃርገሉ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ዕጡቓት ኣልሸባብ ዝቈጻጸርዎ ገማግም ባሕሪ፡ 14 ኢራናውያንን ሸዱሽተ ፍልስጤማውያንን ጀሆ ተታሒዞም ከምዝጸንሑዎ ኣፍሊጡ ነይሩ።

እቶም 20 ወጻእተኛታት ገፈፍቲ ዓሳ፡ ገሊኦም ኣብ 2014፡ ዝተረፉ ድማ ኣብ መጋቢት 2019 ብኣልሸባብ ዝተጨወዩ ምዃኖም ድማ፡ ኣብቲ ዝሃርገሉ ሓበሬታ ወሲኹ ኣመልኪቱ ነይሩ።

ኣብ ሶማል ሽበራዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝጀመረ ልዕሊ 15 ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ኣልሸባብ፡ ኖ ንስፊሕ ገጠራት ናይ'ታ ሃገር ተቘጻጺሩ ከምዝርከብ፡ ካብኡ እናተበገሰ ኣብ ልዕሊ ዓበይቲ ከተማታት ሶማል ዘካይዶ መጥቃዕቲታት እውን ብዘለዓለ መልክዑ ይቕጽሎ ምህላዉን ጸብጻባት ይሕብሩ።



## ጣሊባን፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዘይመንግስታውያን ትካላት ከይሰርሓ ኣጊዱ

ንኣፍጋኒስታን ዘመሓድር ዘሎ ብጣሊባን ዝምራሕ መንግስቲ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ተቘጺረን ከይሰርሓ ዝኸልክል ሓድሽ መምርሒ ኣመሓላሊፉ።

ብመሰረት'ቲ መምርሒ፡ ኣብታ ሃገር ዝጥፉ ከለዋ ናይ ውሽጢ ዓዲ ይኹና ናይ ወጻኢ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት፡ ኣብ ትሕቲኤን ተቘጺረን ንዝሰርሓ ዘለዋ ኣፍጋናውያን ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ስራሕ ክሰጉኣን ክግደዳ እየን።

እቲ ስጉምቲ ብመሰረት እስላማዊ ሕጊ ከምዝተወሰደ ዝሓበረ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር፡ ብመንግስቲ ተወሲኺ ሓበሬታ ክሳብ ዝወሃብ ደቂ-ኣንስትዮ ናብ ስራሕ ክወፍራ ከምዘይፍቀደለን ኣፍሊጡ።

ዝኸሩት ዘይመንግስታዊት ማሕበር በቲ መምርሒ ተቐዪዳ ምስ ዘይትኸይድ ድማ፡ ናይ ስራሕ ፍቓዳ ተመንጢላ ካብ ኣፍጋኒስታን ክትባረር ምዃና፡ እቲ ብዓል-ስልጣን ኣጠንቂቑ።

ዛጊት ድማ ሓሙሽተ ናይ ወጻኢ ማሕበራት፡ ብሰንኪ'ቲ መምርሒ ስራሕ ኣቋሪጸን ካብታ ሃገር ክወጻኣ ጀሚረን ከምዘለዋ ቢ.ቢ.ሲ ጸብጺቡ።

ምምሕዳር ጣሊባን ዝ. ስጉምቲ'ዚ ዝወሰደ ዘሎ፡ ቅድሚ ገለ መዓልታት ኩለን ዩኒቨርስቲታት ናይ'ታ ሃገር ማዕጾአን ንደቂ-ኣንስትዮ ክርጥጣ ድሕሪ ምእዛዙን ነቲ ስጉምቲ ስዒቡ ብደረጃ ዓለም ሓያል ኩነኔ ድሕሪ ምስምዑን እዩ።

እቲ ንደቂ-ኣንስትዮ ካብ ስራሕ ደው ናይ ምባል መምርሒ፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከባ ልዕሊ 180 ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ከምዝምልከት ዝጠቐሰ እቲ ኣፈኛ፡ እተን ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣብ ምሃብ ተዋፊረን ዝርከባ ትካላት ውድብ ሕቡራት ግን ካብቲ መምርሒ ናጻ ምዃነንን ዘይምዃነንን ዝዛረቦ ንጹር ሓበሬታ የለን።



ማሕበረሰብ ዓለም፡ ጣሊባን በብእዋኑ ዝወስዶም ዘሎ ናብ ደቂ-ኣንስትዮ ዘቕነዐ ስጉምትታት፡ ንመሰላትን ሓርነትን ኣፍጋናውያን ደቂ-ኣንስትዮ ገፊፎም ናብ ሕሰም ባርነት ዘእትው ምዃኖም ብምግላጽ፡ ኣትሪሩ ይቃወሞ ከምዘሎ ይፍለጥ።

## ፓኪስታን - ኤምባሲ ኣመሪካ ንዜጋታቱ የጠንቅቕ

ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ፓኪስታን፡ ኣብ ቅንያት ብዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን፡ ኣብ ኢስላማባድ - ርእሰከተማ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ወጻእተኛታት ብብዝሒ ዝዕርፉሉ ቀዳማይ ዝበለጸ ሆቴል መጥቃዕቲ ቦምብ ክፍጸም ከምዝኽእል ብምግላጽ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ዜጋታት ኣመሪካ ናብቲ 'መርዮት' ዝተባህለ ሆቴል ከይኣትዉ ኣጠንቂቑ።

እቲ ኤምባሲ ነዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዘመሓላልፍ ዘሎ፡ ቅድሚ ሰለስተ መዓልቲ ኣብታ ከተማ ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ቦምብ ድሕሪ ምፍጻሙ ስዒቡ ልዑል ጸጥታዊ ስግኣት ነጊሱ ኣብ ዘለወሉ እዋን'ዩ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ መንነቶም ዘይተፈልጡ ውልቀሰባት ኣብዚ ዝቕጽል መዓልታት ንኣመሪካውያን ዒላማ ዝገበረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ኣብቲ ሆቴል ክፍጽሙ ወጢኖም ከምዘለዉ ዘመልክት ሰለያዊ ሓበሬታ ድሕሪ ምርካቡ እዩ እቲ ኤምባሲ መጠንቀቕታ ኣመሓላሊፉ።

በቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብታ ከተማ ኣብ ከባቢ ሓደ መንበሪቤት ዝተፈጸመ ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ቦምብ፡ ሓደ ፖሊስ ክቕተል እንከሎ ካልኦት 10 ሰባት ድማ ብኸቢድን ፈኲስን ከምዝቘሰሉ ይሕበር።

ጣሊባን ዝተባህለ ኣብ ፓኪስታን ዝንቀሳቐስ ጥሩፍ ጉጅለ ድማ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ከምዝወሰደሉ ኣፍሊጡ።

ኣብ መስከረም 2008፡ ኣብ ሆቴል 'መርዮት' ብዝተፈጸመ ርእሰ-ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ቦምብ፡ 63 ሰብ ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 250 ሰብ ድማ ቆሲሎም ነይሮም።

እቲ ፍጻመ፡ ኣብ ታሪኽ ፓኪስታን ሓደ ካብ'ቶም ዝኸፍኡ መጥቃዕቲታት ከምዝነበረ ድማ፡ ሰነዳት ናይ'ታ ሃገር የመልክታ።



## ቻይና፡ ናብ ከባቢ ታይዋን ናይ ውግእ ነፈርቲ ትልእኽ

ሰራዊት ቻይና፡ ዝሓለፈ ሰንበት ናብ ታይዋን 71 ነፈርቲ-ውግእን ሸውዓተ መራኽብ ኩናትን ከምዝለኣኸ ተሓቢሩ።

ቻይና ነዚ ስጉምቲ ዝወሰደት፡ ኣመሪካ ንታ ደሴት እትገብሮ ዘላ ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ሓገዛት ንምቅዋም ምዃኑ እዩ - እቲ ሓበሬታ ዘረድእ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ታይዋን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በይጂን ክንድ'ዚ ብዝሒ ዘለወን ናይ ውግእ ነፈርቲ፡ ደሮናትን መራኽብን ብሓደ መዓልቲ ናብ ከባቢ'ታ ደሴት ልኢኻ ከምዘይትፈልጥ ገሊጹ።

ካብ'ተን ዝተላእካ ዕስለ ነፈርቲ ውግእ፡ እተን 47 ንማያዊ ዶብ ታይዋን ከምዝጠሓሳ ድማ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ይኸስስ።

ታይዋን ኣብ ትሕቲ ዝኸሳ ይኹን ኮኑታት ፈጺማ ዘይትኣዘል ኣካል ልኡላዊ ግዝኣታ ምዃና ብተደጋጋሚ እትገልጽ ቻይና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ እቲ ኣብ ከባቢ ታይዋን ብሰማይን ብባሕሪን ዘካየደቶ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ንውግእ ተዳሊኻ ንምጽናሕን ንምጥቃዕን ዝዓለመ ምንባሩ ገሊጹ።

እቲ ልምምድ፡ ነቲ ታይዋንን ኣመሪካን ኣብዚ እዋን እዚ ዝወሰዳኦ ዘለዋ ተናኸፍቲ ስጉምቲታት ግብኡ ግብረ-መልሲ ንምሃብ ከምዝነበረ እውን ወሲኻ ኣገንዚባ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ዝቕጽል ሓሙሽተ ዓመታት፡ ንታ ኣስታት 23 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ደሴት ታይዋን ክሳብ ናይ 10 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዛት ክትገብረላ ወሲና ምህላዋ - እዚ ተግባር እዚ ድማ ንቻይና ምሕር ኣቖጢዑ ምህላዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሰሜን ኮርያ ብርክት ዝበላ ሰብኣልቦ ነፈርቲ (ድሮን) ናብ ውሽጢ ደቡብ ኮርያ ከምዝኣበረረት፡ ሰብመዚ ሰራዊት ደቡብ ኮርያ ሓቢሮም።

ሓንቲ ካብ'ተን ደሮናት ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ሶል ከምዝበረረት እውን እቶም ሰብመዚ ወሲኾም ኣረዲኦም።

ሰራዊት ደቡብ ኮርያ ነተን ደሮናት ንምስጓጕ ናይ መጠንቀቕታ ተኹሲ ከምዝከፈተ፡ ብድሕሪ እዚ ድማ ነፈርቲ ውግእ ኣብሪሩ ክወቕዐን ከምዝፈተነ ዝሓበሩ እቶም ሰብመዚ፡ እንተኾነ እቲ ፈተነ ከዕወት ከምዘይከኣለ ኣረዲኦም።

ሓንቲ ካብ'ተን ኣብቲ ስርሒት ዝተሳተፋ ነፈርቲ ውግእ ደቡብ ኮርያ እውን ጠንቁ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ወዲቓ ከም ዝተሓምሸሸት ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።



## ኣመሪካ - ብዙሓት ሰባት ብቑዝሒ ሞይቶም

ኣብ ሓያለ ቦታታት ሕ.መ.ኣመሪካ ተኸሲቱ ብዘሎ ብርቱዕ ቁዝሒ ዝዓበለሎ ህቡብላዊ ወርጨ፡ ዛጊት ብውሕዱ 34 ሰብ ሞይቶም ከምዘለዉ ተገሊጹ።

እቲ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ብዘኸፍአ መልክዑ ይቕጽል ብምህላዉ፡ ቁጽሪ ግዳያት ብተዓጻጻፊ ክውሰኽ ትጽቢት ከምዘሎ ሰብመዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ብመሰረት'ቶም ሰብመዚ፡ ዝበዝሑ ካብ'ቶም ግዳያት ነበርቲ ከተማ በፋሎን ከባቢኣን ኩይኖም፡ ሓያለ ካብኦም ኣብ ውሽጢ ማካይኖም እንከለዉ መወጻኢ ስኢኖም ዝሞቱ እዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ'ቲ ብርቱዕ ህቡብላዊ ወርጨ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ ብዘይ ኣገልግሎት ሓይሊ መብራህቲ ብምትራፎም ንዘኸፍአ ሓደጋ ቁሪ ተቓሊዖም ከምዘለዉ ይገልጽ ኣሎ።

ሰብመዚ ኣመሪካ፡ ብሰንኪ'ቲ ሓደገኛ ኩነታት ኣየር ኣብ ገለ ከባቢታት ተሸከርከርቲ ከይንቀሳቐሳ ዝእግድ መምርሒ ኣመሓላሊፎም ኣለዉ።

ይኹን'ምበር፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዞባ በፋሎ ሓያለ ሰብመካይን ነቲ መምርሒ ብምጥሓስ ክንቀሳቐሱ ድሕሪ ምፍታኖም፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ካብኦቶም ኣብ መንገዲ ብውርጨ ተዓጊቶም ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ከምዘወደቐን፡ ብሶላ ቅልጡፍ ረድኤት ወተሃደራት ኣመሪካ ከምዝደሓኑን ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ህቡብላዊ ወርጨ፡ ንኣስታት 60 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ኣመሪካ ብኸቢድ ጸልዩዎ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ።

ብተወሳኺ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ጥራይ ኣብታ ሃገር ልዕሊ 2,400 በረራታት ነፈርቲ ከምዝተሰረዘ እውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ ገለ ከተማታት ኣመሪካ፡ ልዕሊ ሓደ ሜትሮ ርጉዲ ዘለዎ ቀጻሊ ወርጨ ክፍጠር እንከሎ፡ ኣብታ ዝያዳ ብዙሓዩለ ቆዝሒ ተጠቒዓ ዘላ ምዕራባዊት ክፍለ-ሃገር ሞንታና ድማ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣሉታ 45 ዲግሪ ሰንቲ-ግሬድ ዝሕሊ ከምዝተመዝገበ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ካናዳ እውን ካብቲ ናይ ኣመሪካ ዘይሓይሽ ኩነታት ኣየር ተፈጢሩ ከምዘሎ፡ ብሰንኩ ድማ ሰባት ህይወቶም ይስእኑ ከምዘለዉ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይሕብሩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚለኒዩም | 27/12/2022 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565